**ትሮንድሀይምኮሙ**

[Tigrinja]

**ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ግዜ ለበዳ ኮሮና ዝተኣታተዉ ስጉምቲታት ( 1 ግንቦት 2020)**

**በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ሓበሬታ ኣሎ**

ኣምሓርኛ፡ ዓረብኛ፡ እንግሊዘኛ፡ ፈረንሰኛ፡ ቋንቋ ኢራን፡ ቋንቋ ፖላንድ፡ ሶማለኛ፡ ቋንቋ ስፓኛ፡ ስዋሂሊ፡ ቋንቋ ታይላንድ፡ ትግርኛ፡ ቋንቋ ቱርክን ቋንቋ ቬትናምን።

**ምግላል(isolasjon) እንታይ ማለት እዩ፧**

ምግላል ንብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፉ ሰባት እዩ ዝምልከት። ምግላል ማለት፡

- ካብ ገዛ ዘይምውጻእ።
- ካብቶም ምሳኻ ዝቕመጡ ርሕቀት ምሕላው።
- እንተተኻኢሉ ከማን ናይ በይንኻ ክፍልን ዓይነ -ምድርን ምጥቃም።
- ሰብ ክበጽሓካ ኣይክእልን እዩ።
- ጽፍሒታት ብዙሕ ግዜ ክሕጸቡ ኣለዎም ንኣብነት ባንኮ ክሽነ ፡ ዓይኒ -ምድሪ፡ መኽፈቲ ሞዕጾን ካልእ ንትንክፎ ቦታታትን። እዚ ብኖርማል ሳምናን ማይን ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።
- ኣስቤዛ ምግባር ዝሕግዘካ ሰብ ከድልየካ እዩ። ንኣብነት ሓደ ዘይተገለለ ወይ ዘይተወሸበ ጎረቤትካ ወይ ብጸይካ ክኸውን ይኽእል።
- ኣስቤዛ ክትገብር ዝሕግዘካ ሰብ ዘይብልካ እንተኾይንካ፡ ንኣብ ምምሕዳር ከባቢኻ ዝርከቡ ገበርቲ ሰናይ(Frivillighetssentralen) ክትውከሶ ምትኽእል ኢኻ።

ቀዋሚ ሓኪምካ [Fastlege] ክከታተለካ ኣለዎ። ኩነ ታትካ እንተደኣ ተጋዲዱ ሓኪምካ ብተለፎን ተወከሶ፡ ቀዋሚ ሓኪምካ ወይ ሕክምና ህጹጽ ረድኤት[Legevakt]። ኣብ ግለላ ትጸንሓሉ ግዜ መዓስ ከምዝቋርጽ ቀዋሚ ሓኪምካ እዩ ዝውስኖ።

**ንምንታይ ምግላል ኣድላዪ ኮይኑ፧**

ኣብ ምግላል ክትጸንሓሉ ዘለካ ምኽንያት ንካልኦት ንኸይተመሓላልፈሎም ንምክልኻል እዩ። ኮሮና ቫይረስ ብጣዕሚ ተመሓላላፊ ኮይኑ ከቢድ ሕማም ከኸትል ይኽእል እዩ፡ ገዲዱ ተባሂሉ ውን እቶም ዝልከፉ ክሞቱ ይኽእሉ እዮም።

**ዘለኒ ግዴታ ምግላል እንተጥሒሰዮ እንታይ ከጋጥመኒ ይኽእል፧**

ግዴታዊ ምግላል ምጥሓስ ብገንዘባዊ መቕጻዕቲ ወይ ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝጸንሕ ቤት-ማእሰርቲ ብሕጊ ከሕትት ይኽእል እዩ፡ ሕጋጋት ኮቪድ-19 § 19 ተመልከት።

**ውሽባ እንታይ ማለት እዩ፧**

ውሽባ ነ ቶምምስቲ ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ ዝቐማጡሙና ብርቱ እዩ ዝምልከቶምወይ ድማምስ ዝተለኽፈ ሰብ ብቐረባ ዝተራኸቡ ሰባት። እቲ ቫይረስ ኣብ ክሓልፈሉ ዝኽእል ኩነ ታት ዝነ በረ ሰብ ማለት እዩ።

ምውሻብ ማለት፡

- ስራሕ ወይ ትምህርቲ ክትከይድየ ብልካን።
- ኣውቶቡስ ወይ ካልእ ህዝባዊ መጓዓዝያ ክትወስድ ኣይትኽእልን ኢኻ።
- ምስ ካልኦት ብቐረባ ክትራኸበሉ ትኽእል ቦታታት ከተወግድ ኣለካ፡ ንኣብነ ት ድኳናት።

ምስ መናብርትኻ ንቡር ምቅርራብ ክህልወካ ይኽእል እዩ። ምሉእ ጥዕና ክሳብ ዝሃለወካን ንካልኦት ሰባት ትሕቲ 2 ሜትሮ ክሳብ ዘይቀረብካዮምድማደገ ዑደት ክትዛወር ትኽእል ኢኻ። ኣብ ድኳን ኣስቤዛን ፋርማስን ካልእ ሰብ ከምዝዕድገ ልካ ክትገብር እዩ ምኽርና።

ኣብ ውሽባ ኣብ ትህልወሉ ግዜ ሰዓል፡ ምሕማምጎ ሮሮ፡ ኡሕታ፡ ረስኒ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ድኻም፡ ቃንዛ ጭዋዳታትን፡ ድኽመት ህዋሳት ጨና ን መቐረትን ዝኣመሰሉ ምልክታት ዘለዎ ሕማምእንተደኣ ኣጋጢሙካ መርመራ ኮሮና ቫይረስ ክግበረልካ ኣሎዎ። ተለፎን ኮሮና ትሮንድሀይምኮሙ ብቑጽሪ ተለፎን 90509052 ብምድዋል ንኽትምርመር ቆጸራ ይግበረልካ።

**ውሽባ ንምንታይ እዩ ኣድላዪ ኮይኑ፧**

ምስ ኮሮና ቫይረስ ዘለዎ ሰብእንተደኣ ተቓሪብካ ምናልባሽ ንካልኦት ሰባት ንኸይተመሓላልፈሎም ንምክልኻል ኢኻ ክትውሽብኣለካ ትበሃል። መብዛሕትኦምኮሮና ቫይረስ ዝለኽፎምሰባት ፎኩስ ሕማም እዩ ዝሕዞም፡ እንተኾነ ግና ኣረጋውያንን ካልእ ሕማማት ዘለዎምሰባት ከቢድ ሕማምከስዕበሎም ይኽእል እዩ፡ ገዲዱ ተባሂሉ ከማን ክሞቱ ይኽእል እዮም።

**ውሽባ እንተጥሒሰዮ እንታይ የጋጥመኒ፧**

ግዴታዊ ውሽባ ምጥሓስ ብገ ንዘባዊ መቕጻዕቲ ወይ ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝጸንሕ ቤት-ማእሰርቲ ብሕጊ ከሕትት ይኽእል እዩ፡ ሕጋጋት ኮቪድ-19 § 19 ተመልከት።

---

**ናይ ኩላትና ሓላፍነ ት እዩ**

ተገሊልካ ወይ ተወሺብካ ዘለኻ ነ ዞምሕግታት ክትክተሎምኣገ ዳሲ እዩ። እዞ ምሕግታት ንምኽታል ተካይዶ ጻዕሪ ንህዝብና ኣገ ዳሲ ተራ ዝጻወት ኮይኑ፡ ብፍላይ ድማንኣረጋውያንን ከምተነ ካእቲ ዝቑጸሩ ቆልዑን ዓበይትን ዝለዓለ ኣገ ዳስነ ት ኣለዎ።

ዝኾነ ሰብ ነ ዞ ምሕግታት ይኽተሎምየ ለን ዝብል ጥርጣረ እንተደኣ ኣሕዲርካ ንቤት-ጽሕፈት ምክልኻል ሕማማት ብተለፎን ኮሮና ቁጽሪ 90509052 ደዊልካ ክትሕብር ኣገ ዳሲ እዩ።

---

**ብኮሮና ክምርመር ከለኹእንታይ እዩ ዝግበር፧**

ኮሮና ቫይረስ ለኺፉካ ከይከውን ንምፍላጥ ሎሚመዓልቲ መርመራ ጌርካ ኣለኻ፧

እቲ ሞርሞራ ውጽኢቱ የብልካን[ኣሉታዊ] ዝብል እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ ኣስታት 2 መዓልታት ቀዋሚ ሓኪምካ ሜሲ ክነግረካ እዩ። ኣብ ውሽጢ2 መዓልታት ሜሲ እንተዘይሜጺኡካ ድማ ንቀዋሚ ሓኪምካ ክትውከሶ ኣለካ።

ሜሲ ሞርሞራ ክሳብ ዝሜጸካ ኣብ ገዛኻ ክትግለል ኣለካ። እዚ ማለት ካብ ገዛ ከይወጻኻ ኣብ ገዛ ክትከውን ኣለካ፡ ከምኡውን ምስ ኣብ ገዛኻ ዘለዉ መናብርትኻ ድማ ርሕቀት ክትሕሉ ኣለካ።

ውጽኢት ሞርሞራ ኣለካ ዝብል[ኣወንታዊ] እንተኾይኑ ድማ ቤት-ጽሕፈት ምክልኻል ሕማማት ክወከሱኻን ዝቕጽል ምክትታልን ክገብሩልካ እዮም።

ሰላምታ

ትሮንድሀይምኮሙ

አሊሳግቪክ

ላዕለዋይ ሓኪም ምክልኻል ሕማማት